# ካብ ሕማም PNEUMOCOCCAL ይከላከል!
# ክታበት PNEUMOCOCCAL CONJUGATE (PNEU-C13)








### ክታበት ኑሞ (PNEU-C13) እንታይ እዩ፧

እዚ ኮንጁጌት ክታበት ካብ 13 ዓይነታት ስትረፕቶኮከስ ኒሞንያ ባክተርያ ዝከላኸል ኮይኑ ካብ ሕማም ኒሞኮካል ይከላከል። ሕማም ኒሞኮካል ረኽሲታት ናይ ሳንቡእን፡ ቱቦታት ኣየርን፡ ደምን ማእከላይ እዝንን ከምኡውን ሕማም ኣንቅጺ ከስዕብ ይኽእል።

### እዚ ክታበት መን ክወስዶ ኣለዎ፧

ህጻናት ከም ኣካል ናይቲ ስሩዕ መደብ ክታበት ካብ 2 ወርሒ ዕድሚኦም ጀሚሮም ሰለስተ ዶዝ ናይዚ ክታበት ይወስዱ።

### ነዚ ክታበት መን ክወስድዎ ዘይብሎም፧

ዝኾነ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ እንተሃልዩካ ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ከምኡ ዝኣመሰለ ክታበት ከቢድ ወይ ዘይተለምደ ጎናዊ ሳዕቤን ኣጋጢሙ ምስዝፈልጥ፡ ነዚ ክታበት ክወስድ ኣይግባእን።

### እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ፧

እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግአሉ ቦታ ምቕያሕ፡ሕበጥ፡ ቃንዛ፡ ብኽያት፡ ድኻም፡ ቁጥዐ፡ ረስኒ፡ ሸውሃት ምግዳል ወዘተ የጠቓልሉ። ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ክፋል ኣካል ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ። ንረስኒ ወይ ቃንዛ ንምቁጽጻር ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

### ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ ትኽእሉ:

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ፡
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA's Multi-lingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ፡
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ፡
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን booking.aimga.ca ሓገዝ ንምርካብ ቆጸራ ሓዙ።

AIMGA
Alberta International Medical Graduate Association
FOUNDATION ACTION 4 HUMANITY DEVELOPMENT
Public Health Agency of Canada
Agence de la santé publique du Canada